# ሰላምካብ ቤትካ እዩ ዝጅምር

ርእሰ-ዓንቀጽ ሰዲህኤ

***“”ብደረጃ ፖሊሲ ናይዚ ዘሎ ስርዓት ‘ውን ብግጉይ መንገዲ እናተኣልየ ስለ ዝመጸ፡ ካብ ውግእ ናብ ውግእ፡ ህዝብና ኣብ ናይ “ኣይውግእ ኣይሰላም” ኩነታት ይርከብ ኣሎ ማለት እዩ። ሎሚ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ኩነታት ንሱ፡ እቲ “ኣይውግእ ኣይሰላም” እዩ።***

***ኣህጉራዊ ኮሚስዮን፡ በቲ ክልቲአን ሃገራት ዝኣመናሉ ናይ ዶብ ኩነታት በይንዎ እዩ። እንተኾነ ተበይኑ እምበር ክሕንጸጽ ኣይከኣለን። እቲ ከም ኣውራ ምኽንያት ናይ ዶብ ጐንጺ ውግእ ዝተባህለ ክሳብ ዘይተፈጸመ ከኣ ኣብ ኤርትራ “ኣይውግእ ኣይሰላም” እዩ ክቕጽል።***

***ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ “ኣይውግእ ኣይሰላም ኩነታት” እዩ ክሕባእ ዝደሊ። ጉዳይ ዶብ ናይ መሬት ክሳራን መኽሰብን ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ናይ ሰላምሕቶ እዩ። ናይ ሰላምሓላፍነት እዩ። ዶብ ይተሓንጸጽ ክንብል እንከለና ከኣ ናይ ህዝብናን ህዝቢ ኢትዮጵያን ናብ ሰላም መጻተዊ ዝኽውን ንምርግጋጽ እምበር፡ መሬት ምኽሳብን ምኽሳርን ከምቀንዲ ባእታ ዝውሰደሉ ኣይኮነን።***

***ብርኢቶና፡ ኣህጉራዊ ኮሚስዮን ወሲኑ እዩ። መሬት ከኣ ከምቲ ኣብ ወረቐት ዝበየኖ ኣብ ባይታ ክሕንጸጽ ኣለዎ። እቲ ዘሕዝን ግና፡ ሎሚ እቲ ዝዓዘዘ ናይ ሰላምሕቶ ኣብ ዞናና ጐሊሁ እንከሎ፡ ህሉዋት መንግስታት ናይ ሰላም መሓዙት ክኾኑ ኣይበቕዑን። ምእንቲዚ ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ዘድሊ ተራ ክጻወትን ዘድሊ ድፍኢታት ክገብርን ኣለዎ። ክብደት ተጽዕኖታቱ ከረጋግጽ ክኽእል ኣለዎ። ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ክረጋገጽ እሞ፡ ናብ ሰላም መጻተዊ ዝኽውን ምእንቲ ክፈጥር ክኽእል።””*** (እዚ ብ17.12.2005 ዝተሰወአ ሓርበኛ ስዩም ዑቕባምካኤል ሓረስታይ ኣቦ-መንበር ተ.ሓ.ኤ - ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ኣብ ፈስቲቫል ፍራንክፎርት ካልባኽ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2005 ካብ ዘስመዖ መደረ ዝተወስደ እዩ። )

ከምቲ እትምነዮን እትጭረሓሉን ክትከውን ንክትበቅዕ፡ ቅድሚ ኩሉ ንገዛእ ርእስኻ ነቲ እትደልዮ ብቑዕን ቅሩብን ክትከውን ይግበኣካ። ንስኻ በቲ ክኸውን ዝግበኦ ዘይኮንስ፡ በቲ ክኸውን እትደልዮ ፍኑውመንገዲ እንዳኸድካ ናይቲ ቅኑዕ ውጽኢት ባእታ ክትከውን ኣይከኣልን እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ንሓደ ተረኽቦ ክትንእድ ኮነ ክትነቅፍ ካብ ገዛእ ርእስኻ ክትጅምር እንተዘይበቒዕካ ኣብ ውጽኢት ክትበጽሕ ኣይትኽእልን። ካብዚ ሓሊፉ ናትካ ኣቓሚጥካ ንካለኦት እንዳሓመኻ ደገደገ ጥራይ እተመዓዱ እንተኾይንካ፡ ተልእኮኻ ካብ ሓቅን ክውንነትን ካብ ምርሓቕ ሓሊፉ፡ ኣውንታዊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ መዓልታት ልኡኽ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ኢትዮጵያ ዘካየዶ ዑደት ብብዙሕ መልከዓቱ ናይቲ ጉጅለ እንታይነት መሊሱ ዘቃለዐ፡ ኣዝዩ ኣዛራቢ ኮይኑ ቀንዩ። ሓደ ካብቲ ኣዘራራቢ ጐድኑ፡ ጉጅለ ህግደፍ ንገዛእ ርእሱ ምስ ህዝቡ ዘይተዓርቐ ጸረ-ሰላምሓይሊ ክንሱ፡ “ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓደ ህዝቢ እዩ፡ ንደ/ር ኣብይ ኣሕመድ ምቕሉል መራሒ ፈጢሩልና፡ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ትርጉምየ ብሉን” ዝብል ድምጺ ምስምዑ እዩ። ኩሉ ከምዝፈልጦን ባዕሉ እቲ ጉጅለን ደገፍቱን እውን ከምዘይስሕትዎ ኣብዚ እዋንዚ ህግደፍን ህዝቢ ኤርትራን ከብድን ሕቖን እዮም። እቲ ዝምድና ክሳብ ክንድዚ ዘይቃዶ ምዃኑ ዝሕተተሉ ከኣ ባዕሉ ጉጅለ ህግደፍ እዩ። ጉጅለ ህግደፍ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ፍልልይ ብፍላይ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ዘይዕረቕ ደረጃ ዝበጸሐ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ዋላኳ እቲ ጉጅለ ርእዩ ከምዘይረኣየ ክሰግሮ ዝደሊ እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ ግና ኣብ ህግደፍ ቅዩም ከምዘሎ ብብዙሕ ኣገባባት ዓውኢሉ ዝገልጾ ዘሎ እዩ። ገደብ ዘየብሉ ስደት ኤርትርውያን ከኣ ናይዚ መርኣያ እዩ።

ጉጅለ ህግደፍ ግና ነዚ ክትሓብኦ እንተደለኻውን ክሕባእ ዘይክእል፡ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ጽልእን ቅርሕንትን ከዊሉ ደላይ ሰላም መሲሉ ንምቕራብ ልኡኹ ኣብ ኢትዮጵያ ወዛሕዛሕ ክብል ቀንዩ። ብእምንቶና ጉጅለ ህግደፍ ቅድሚ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ክዕረቕ መተገብኦ። ቅድሚቲ ኣብ ልዒኡ ተነቢሩ ዘሎ ንውሽጣዊ ኤርትራዊ ኩነታት ኣብ ግምት ዘየእተወ ማዕቀብ ክለዓለሉ ንሕብረተሰብ ዓለም ምምሕጻኑ፡ ንሱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ጽዒንዎ ዘሎ በብመልክዑ ዝግለጽ ሰ ዘይብል ማዕቀብ ክልዕሎ መተገብኦ። ብዛዕባቲ “ ከም ጠንቂ ውግእን ዓንቃፊ ዘቤታዊ ፖለቲካዊ መስርሕን መሲሉ ክጥቀስ ዝጸንሐ፡ ናይ ኣሸሓት መንእሰያት ህይወት ዝበለዐ፡ እሞ ብኣህጉራዊ ኮሚስዮን ዝተወሰነ ጉዳይ ዶብ ደኣ ናበይ ኣበለ?”ናብ ዝብል ባሕሪ እንተኣቲና ከኣ ብዙሕ ከምዘዛርበና ፍሉጥ እዩ። እንተኾነ ሓደ እዋን “ካብ ባድመ ወጻእና ማለት ጸሓይ ዳግማይ ኣይክትበርቕን እያ” ዝብል ዝነበረ ምኩሕ ጉጅለ፡ ሎሚነቲ “መሬት ኣብ ባይታ ከይተሓንጸጸ ልኡላውነትና ተደፊሩ እንከሎ ኣይንዛተን ኢና” ዝብሎ ዝነበረ እንተዘይዘከሮ ዘተዓዛዝብ እምበር ሓድሽ ጥልመት ኣይከውንን እዩ።

ጉጅለ ህግደፍ ብኸምዚ ንዕዘቦ ዘለና ሸንኮለል እንተበለ ጉዳይ ህዝቢ ራሕሪሑ ስራሑ ይሰርሕ ከምዘሎ ክንርዳእ ይግበኣና። ብዘይፍላጥ ዘይኮነ ንድሌታትን መሰላትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ኣብ ዘየእተወ ወፍሪ ከምዘሎ ነስተብህል። ቀንዲ ዕማምና ክኸውን ዝግበኦ ከኣ በቲ ናቱ ጭንጭሩ ዓብደ ምስንባድን ምግራምን ዘይኮነ ሎሚ'ውን ክንሰርሖ ዝግበኣና ክንሰርሕ ምብቃዕ እዩ። ከምናይ ለውጢሓይልታት፡ ናይ ክሳብ ሕጂ ኣካይዳና ትሕቲ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ ምንባሩ ክንእመን ይግበኣና። ህዝቢ ኤርትራ ደጊም እቲ ጉጅለ ዘዝመተረልካ ምብላዕ ገዲፍካ ንባህግታትካ ንዘይምጥን ብብደዐ ዝተላዕጠጠኣካይዳ ህግደፍ ዝብድህ ናይ ሓሳብ ቀንዴል ከተልዕል ይግበኣካ። ንስኻ ደድሕሪ ህግደፍ እንዳኸድካ ካልእ ኣካል ካብ ጭቆና ህግደፍ ናጻ ከውጽኣካን ክብርኻ ክሕልወልካን ኣይትጽበ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ንኣቶ ኢሳይያስ ዘለዎም ክብሪ ንምግላጽ ንልኡኹ ተቐቢሎም፡ ህያብ ክሳብ ምልኣኽ ምብጻሖም ተዓዚብና ኣለና። ግርም ወዮ ቀንዲ ዕላማና፡ ሰላምን ስኒትን እናሃለወ ሕማቕ ገይሮም ኣይንብልን። እንተኾነ ከምቲ ባዕሎም ኣብ መንጎ ሓደ ውድብ ወይ ሰልፍን ህዝብን ዘሎ ዝምድና ክገልጹ እንከለዉ ዝሰማዕናዮም፡ ምስ ልኡኽ ህግደፍ ወኻዕካዕ ክብሉ እንከለዉ ምስቲ ሰላም፡ ልምዓትን ዲሞክራስን ሓሪምዎ ኣብ ዓሚቕ ጭንቂ ዘሎ ህዝብና ዝተዓረቑ ዘለዉ ኮይኑ ከይመስሎም ሓደራ ንብሎም። ምኽንያቱ ልኡኽ ጉጅለ ህግደፍ ንሓቀኛ ትጽቢት ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዘይውክል። በዚ ኣጋጣሚእቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝብህግሉ ቅሳነት፡ ሰላምን ምኽባር ኩሉ መሰላትን ንህዝቢ ኤርትራ እውን ከይነፍግዎ ከኣ ነተሓሳስቦም።

http://harnnet.org/index.php/epdp-radio-video/item/4756-2018-06-28-11-08-37